Tigrinya | ትግርኛ

*ብዛዕባ ምጽምባር ጉድኣት ኣካል ዝገልጽ ናይ ሓበሬታ ወረቐት*

# ምጽምባር ጉድኣት ኣካል፡- ናይ ሓቅታት ወረቐት ንስድራ ቤታት

ምጽምባር ጉድኣት ኣካል፣ ጉድኣት ኣካል ንዘለዎም ተመሃሮ ንዘወሃብ ደገፍ ንምምሕያሽን ኣዝዩ ንኹሉ ዝሓቑፍ ዝሓሸ ቤት ትምህርቲ ንምህናጽን ዝሕግዝ ሓድሽ ሜላ እዩ።

ንዅሉ ዝሓቑፍ ኣብያተ - ትምህርቲ ንዅሎም ተመሃሮ ኣብ ምምሃርን ምትሕብባርን ድሕንነቶምን ኣብ ምርግጋጽን ዝሓሸ ውጽኢት ኣለዎ።

ምጽምባር ጉድኣት ኣካል ኣብያተ-ትምህርቲ ተመሃሮና እንታይ ኺመሃሩ ከም ዘለዎም ብዝሓሸ መገዲ ንኽርድኡ ከም ዝስዕብ ኺሕግዞም እዩ፡-

- ዝያዳ ወፍሪ ገንዘብ ዘለዎ ሓድሽ ናይ ገንዘብ ሞዴል
- ነቲ ተማሃራይ ዘድልዮ ነገራትን ምትዕርራያትን ንምልላይ ዝሕግዝ ንድፊ (ፕሮፋይል) ምጽምባር ጉድኣት ኣካል ዝብል ኣብ ብርታዐ ዝተመስረተ ሓድሽ መስርሕ
- ንመምህራንን ንሰራሕተኛታት ቤት ትምህርትን ብዛዕባ እቲ ንተመሃሮ ዝወሃብ ብሉጽ መገድታት ዝያዳ ስልጠናን ምልምማድን።

***ዝያዳ ወፍሪ ገንዘብ ዘለዎ ሓድሽ ናይ ገንዘብ ሞዴል***

እዚ ሓድሽ ናይ ገንዘብ ሞዴል እዚ ኣብያተ - ትምህርቲ ንብዙሓት ተማሃሮ ነቶም ሕማም ኣውቲዝም፣ ናይ ምምሃር ጸገምን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገራት ዘለዎምን ሓዊስካ ንምድጋፍ ክጥቀምሉ ዝኽእሉ ተወሳኺ ወፍሪ ገንዘብ ይህብ።

እዚ ተወሳኺ ወፍሪ ገንዘብ እዚ ነቶም ጉድኣት ኣካል ዘለዎም ተምሃሮ ዝያዳ ደገፍ ክገብረሎም ኢዩ፣ እዚ ድማ ነቶም ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ነቲ ፕሮግራም ጉድኣት ኣካል ዘለዎም ተማሃሮ (ፒኤስዲ) ብውልቂ ብቑዓት ዘይኮኑ ተማሃሮ የጠቓልል።

ኣብያተ-ትምህርቲ ነዚ ገንዘብ እዚ ነዚ ዝስዕብ ሓዊስካ ንዝተፈላለየ ንጥፈታት ክጥቀሙሉ ይኽእሉ እዮም፡-

- ንመምህራንን ንሰራሕተኛታት ቤት ትምህርትን ዝኸውን ዝያዳ ስልጠናን ሞያዊ ምዕባለን
- ብዛዕባ ጉድኣት ኣካል ናይ ኽኢላ ምኽሪ ምርካብ
- ንተመሃሮ መደብ ንምውጻእን ለውጢ ንምምጻእን ዝሕግዙ መምህራን ወይ ካልኦት ሰራሕተኛታት ምቝጻር
- ንትምህርቲ ዝድግፍ ናውትን ጥሪትን።

***ናይ ምጽምባር ጉድኣት ኣካል ንድፊ (ፕሮፋይል)***

እቲ ናይ ምጽምባር ጉድኣት ኣካል ንድፊ (ፕሮፋይል) ኣብያተ ትምህርቲ ብዛዕባ ብርታዐን ድሌትን ውሉድካ ዝያዳ ንኽፈልጡ ኺሕግዞም እዩ። ናይ ብሕቲ ኣከፋፍላ ገንዘብ ክሕብር፣ ናይ ተማሃሮ ናይ ትምህርቲ መደብ ኣብ ምውጻእ ክሕግዝ ከምኡውን ሓደ ተመሃራይ ብዝሓሸ መገዲ ንኽምሃር ዘድልዮ ዝኾነ ይኹን ለውጥታት ክሕብር እዩ።




እቲ ሓድሽ ናይ ምጽምባር ጉድኣት ኣካል ንድፊ (ፕሮፋይል) መስርሕ ነቲ ኣብዚ እዋን እዚ ከም ክፍሊ ፕሮግራም ጉድኣት ኣካል ዘለዎም ተማሃሮ (ፒኤስዲ) ዝሰርሕ ዘሎ ናይ ትምህርቲ ድሌት መጠይቕ ይትክኦ።

ኣብያተ-ትምህርቲ ናብቲ ሓድሽ ኣቀራርባ ክሰግሩ ኸለዉ ኣባላት ፕሮግራም ጉድኣት ኣካል ዘለዎም ተማሃሮ (ፒኤስዲ) ዝኾኑ ስድራቤታት ናይ ምጽምባር ጉድኣት ኣካል ንድፊ (ፕሮፋይል) ንምዝዛም ኣብ ዝግበር ኣኼባ ክካፈሉ ክሕተቱ ኢዮም።

ንውሉድካ ዝፈልጥዎ ሰባት ኣብ ኣኼባታት ክካፈሉ እዮም፣ ብዘይካዚ ኣብያተ ትምህርትን ስድራ ቤታትን ነቲ ሓበሬታ ንኽመልእዎ ዝሕግዞም ብርእሱ ዝመሓደርን ዝሰልጠነን መሳለጢ ኺሳተፍ እዩ።

ውሉድካ ኽፍሊ እቲ ፕሮግራም ጉድኣት ኣካል ዘለዎም ተማሃሮ (ፒኤስዲ) እንተ ኾይኑ፣ ቤት ትምህርቲኻ ምሳኻ ኾይኑ ነቲ ንድፊ (ፕሮፋይል) ዝዛዘመሉ ምቹእ ግዜ ንምርካብ ክጽዕር እዩ።

እዚ ንድፊ (ፕሮፋይል) እዚ ነቶም ብዙሕ ነገራት ዘድልዮም ብዙሓት ተመሃሮ እውን ክፉት ክኸውን እዩ።

***ናይ መሰጋገሪ ገንዘብ***

ስድራ ቤታት ካብቲ ፕሮግራም ጉድኣት ኣካል ዘለዎም ተማሃሮ (ፒኤስዲ) ናብ ሓድሽ ኣቀራርባ ክሰግሩ ኽለዉ ዝያዳ ርግጸኛታት ምእንቲ ክኾኑ መንግስቲ ቪክቶርያ ክሳዕ 2024 ናይ ምትእትታው ጉድኣት ኣካል መሰጋገሪ ገንዘብ ይህብ ኣሎ።

ናይ ምጽምባር ጉድኣት ኣካል መሰጋገሪ ገንዘብ ተምሃሮ ካብቲ ፕሮግራም ጉድኣት ኣካል ዘለዎም ተማሃሮ (ፒኤስዲ) ናብ ምጽምባር ጉድኣት ኣካል ዝገብርዎ ምስግጋር ንምድጋፍ ኣብያተ-ትምህርቲ ማዕረ መጠን ተማሃሮ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝኾነ ገንዘብ ከም ዝረኽባ የረጋግጽ።

ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻን ናይ ምትእትታው ጉድኣት ኣካል መሰጋገሪ ገንዘብ ኣብ ኮነታት ውሉድካ ብኸመይ ከም ዝውዕልን ክትፈልጥ እንተ ደሊኻ በጃኻ ምስ ርእሰ መምህራን ቤት ትምህርቲ ተራኸብ።

***ንመምህራንን ንሰራሕተኛታት ቤት ትምህርትን ዝኸውን ዝያዳ ስልጠናን ምልምማድን***

ምጽምባር ጉድኣት ኣካል ንብዙሓት መምህራንን ሰራሕተኛታትን ብዛዕባ ጉድኣት ኣካል ዘለዎም ምርዳእን ብኸመይ ምላሽ ከም ዝህቡን ዝሓሸ ምርዳእ ንኽረኽቡ የኽእሎም። እዚ ኸኣ ነዚ ዝስዕብ ምርካብ የጠቓልል፦

- ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ ጉድኣት ኣካል ኽኢላታት ዝኾኑ ብዙሓት ኽኢላታት
- ምልምማድ
- ናይ ክኢላታት ትምህርቲ
- ኣብ መርትዖ ዝተመርኮሰ መምርሒን ሓበሬታን
- ናይ ትምህርቲ ዕድል (ስኮላርሺፕ)።

***ዝያዳ ሓበሬታ***

ብዛዕባ ምጽምባር ጉድኣት ኣካል ዝያዳ ኽትፈልጥ እንተ ደሊኻ ኣብ www.education.vic.gov.au/disabilityinclusion ብጻሕ።

ብዛዕባ እቲ ናይ ውሉድካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዎ ድሌታት ክትዛረብ እንተ ደሊኻ ወይ ከኣ ሓገዝ ትርጉም ወይ መስተርጎማይ እንተ ደሊኻ በጃኻ ምስ ርእሰ መምህራን እቲ ቤት ትምህርቲ ተራኸብ።